# መሪሕነታት ማእከላይ ባይቶ ሰለስተ ውድባት ንሓድነት ኣኼባ ኣካይዱ፡

ብኣቦ መንበራት ሰለስቲኤን ውድባት፡ ኣቦ/መ ሓድነት ኤርትራውያን ንፍትሒ ሓው ኣፈወርቂ ኪዳኑ፡ ኣቦ/መ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት (ሕድሪ) ኣቶ ዑቕባዝጊ ድቡስ፡ ኣቦ/መ ውድብ ሓድነት ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ኣቶ ተስፋሚኪኤል ዮሃንስ እንዳተመርሐ ብቀዳም ዕለት 16 ጥሪ 2021 ኣብ መስርሕ ሓድነት ዝርከባ መሪሕነታት ማእከላይ ባይቶ ሰለስተ ውድባት ዝተሳተፍዎ ኣኼባ ተኻይዱ። ኣብ መእተዊ ብኣቶ ተስፋሚኪኤል ዮሃንስ ጀሚሩ፡ ኣቶ ዑቕባዝጊ ድቡስን ሓው ኣፈወሪቂ ኪዳነን ዝቀጸለ ኣኼባ፡ ሓሳብን ርእይቶታት ሓድነት ሒዙ ዝተበገሰ ውድባት ክሳብ ሕጂ ከኣ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃን ምዕባለታቱን መግለጺ ኣቕሪቦም። ቅድሚ ኣብ ኣጀንዳታት ምእታው ከኣ ነቲ ብዙሕ ግዜን ጻዕርን ዝወሰደ ርክባት ንሽማግለ ዘተ ምስጋና ኣቕሪቦም።

ኣብ'ዚ ዝሓለፍ ኣዋርሕ ብሽማግለ ዘተ ዝተበጽሑ ስምምዓት፡ ብኣቦ/ መንበራት ንዘተ ዝቀረበ ኣርእስቲ፡ ኣባላት መሪሕነት ሰለስተ ውድባት፡ ኣብ ክትዕ፡ ንምስፋሑን፡ ንምህብታሙን ምርድዳእ ተገይሩ። ብልክዕ ምስ ሓያል ድሌት ሓድነት መብዛሕትኡ ርእይቶን ሓሳብን ክቅርብ ዕድል ዝሃበን ጥራሕ ዘይኮነ ንኣጠቃቕማ ግዜ ምዕሩይ ግደን ተሳትፎን ክህሉ ዝገበረ ኣገባብ ኣሰራርዓ ብምንባሩ ኣኼባ ንጡፍ ስርሓት ኣካይዱ። ርእይቶን ሓሳብን ለበዋታትን ተቐቢሉ።

ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ንዝቀርብ ርእይቶ ሓሳባትን ሓድነት ከም ርእይቶን ሓሳብ ኩልና ጌርና ክንወስዶ ተረድኦ እንተገበርና ንምዕራዩ ቀሊል ክኸውን ብዝብል ኣውንታዊ መንፈስ ተኻይዱ።ዝቀረበ ርእይቶታ ት'ውን ሓድነት ንምድልዳል'ምበር ብዙሕ ዝፈላሊ ስለ ዘይነበረ፡ በቲ ቅኑዕ ልቦናን ኣተሓሳስባ፡ በቲ ክሳብ ሕጂ ሽማግለ ዘተ ዘካየደቶ ኣድካምን ዕዉት ስርሓት ንዝቀረበ ሰነድ ከም መቀጸልታ፡ብዕግበትን ስምምዕን መላእ ኣባላት ሰለስተ ውድባት መፈጸምታ ክግብረሉ ክካየድ ዘለዎ ጻዕሪ ደገፍን ምትብባዕን ክግበረሉ ኣገዳስነቱ ርእዩ።

ኣባላት መሪሕነታት ማ/ባ ብግደኦም ሓድነት ንምሕያሉ ሃብታም ርእይቶታት ኣቕሪቦም። ኣብ'ዚ ከኣ ኩሎም ዝተሰማማምዕሉ ግድነት መስርሕ ሓድነት ክቅጽል ኣለዎ ዝብል ኮይኑ፡ ነፍሲ ወከፍ ውድብ ምድላዋቱ ኣጽፊፉ፡ ብኣባላቱን መሪሕነቱን ተሰንዩ ንመድረኽ ፍጹም ሓድነት ክሰጋገር ዝግብኦ ርትዓዊ ግዜን ዕድልን ክወሃቦ ከም ዘድሊ ርእዩ። እዚ ኣገባብ መስርሕ ከኣ ንጽኑዕን ሓያልን፡ መንጸፍ ድልዱል መሰረት ሓድነት ዘንብረልና፡ ከም ህዝብን ውድባትን ተስፋ ትጽቢት ሙሉእ ሓድነትና ዘማልእ ጉዕዞ ስለ ዝኾነ እንሆ ሎሚ ኣብ'ዚ ቀዳማይ ኣኼባ መሪሕነታት ተራኺቡ ዘተን ምርድዳእን ኣካይዱ።

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ይደልድል
ፍትሒ ይንገስ

ዜናን ሓበሬታን ውሓደለ
18 ጥሪ 2021